# ንኤርትራውያን ነባሮ ከተማ ማንሃይም ከባቢኡን ሰናሚር ዕዉት ተኻይዱ

ብዕለት 04 ግንቦት 2019 ዕዉት ሰሚናር ኣብ ከተማ ማንሃይም ተኻይዱ። ኣብ መኽፈቲ ኣቦ-መንበር ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ማንሃይም ኣቶ ዮውሃንስ ብርሃነ፡ ብዝኽረ ሰማእታት ድሕሪ ምኽፋት፡ ንተሳተፍቲ “እንቋዕ ድሓን መጻእኩም“ ድሕሪ ምባል፡ ነዚ ሰሚናር ክህቡ ዝመጹ ኣባላት ኤምባሲ ሃገረ ኤርትራ`ውን ኣመስጊኑ።

ቀጺሉ ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ ሓላፊ ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣብ ጀርመን፥ ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፈ 60 ዓመታትን መሰል ርእሰ ውሳኔ ልኡላውነቱን ንምርግጋጽን ንምሕላውን ኣንጻር ዘይባተኽ ተጻብኦታት ዝተፈላለዩ ምምሕዳራት ምምሕዳር ኣመሪካ ይኹን ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልስና‘ውን ኣንጻር ሕብረት ሶቬትን ተሓባበርታ ሃገራት ዝተበደለን ጽንኩር ጉዕዞ ዘሕለፈ ህዝቢኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓደ መኣዲ ዓሲሉ ስለ ናጽነቱን ክብረቱን ነዊሕ ዓመታት ዝተቃለሰን ክቡር ዋጋ ዝኸፈለን፡ዕዉትን ሕቡንን ህዝቢኢዩ። ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ምዕዋት ብረታዊ ቃልሲ እንተኾነ‘ውን ኣብ ድርከኹት ምህናጽ ሃገር ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብዝሓለፉ ምምሕዳራት ኣመሪካን መሰልቱን ዳግማይ ዝተበደለ ኢዩ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ይኹን ዞባ ቀይሕ ባሕሪ በቲ ዘለዎ ስትራተጂካዊ ስሕበትን ኣገዳስነትን ንሃገራት እዚ ከባቢ፡ ብሓፈሻን ከም ኤርትራ ዝኣመሰላ ሃገራት ከኣ ብፍላይ ተጠመቲ ከምዝገብረን ሓቢሩ።

ቀጺሉ ኣቶ ካሕሳይ ዝሓለፈ 27 ዓመታት ወያነ ከካይዶ ዝጸንሐ ዘይምዕሩይ ቁጠባዊ ፓለቲካዊ ማሕበራውን ኩነታት ኣብ ኩለን ክልላት ኣድልዎ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት ተጠቂሙ፡ ክገዝእ‘ኳ እንተጸንሐ፡ ብሓያል ቃልስን ድፍኢትን፡ ምልዕዓልን፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ዝተፈጥረ ቅልውላው ወያነ ተመኪቱ፡ ተገሊሉ፥ ሳላ‘ዝን ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ክካየድ ዝጸንሐ ተወፋይነትን ጽንዓትን ድፍኢትን መኸተን፡ ሓያል መርገጺ መንግስትን ህዝብን ኤርትራ ድማ፡ርግኣት ሰፊኑ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ ስምምዕውዕል ከቲመን፡ ናብ ምትሕግጋዝን ምሕዝነትን፡ ምርግጋእን ጉርብትና ኣንጊሰን፡ይሰርሓ ኣለዋ ኢሉ።

ቀጺሉ፡ ኣቶ ተኸሉ ለባሲ ሓላፊ ዲፕሎማስን ሜድያን ኣብ ቤ.ጽ.ሚሽን ሃገረ ኤምባሲ ኤርትራ፡ እዚ ተበጺሑ ዘሎ ሽርክነትን ምሕዝነትን ኣብ ልኡላውነትን ሰላማውን ሓባራውን ህላወን ዝተመርኮሰ መትከል ምኳኑን እቲ ብ9ሓምለ 2018 ብክልቲአን ሃገራት ሓባራዊ ኣዋጅ ዝወጸ። ወያነ ነዚ ብኽልቲአን ሃገራት ዝተኻየደ ስምምዕ፡ ውዕል ይቃወምን ዕንቅፋት ይፈጥር ይሃሉ ዳኣ‘ምበር፡ውሳኔ ዶብ ኮምሽን ንዝተወሰነ ግዜ ተወንዚፉ ከምዘይጸንሕ ርዱእ ኢዩ ኢሉ። ቀጺሉ ክንዮ ዝምድና ኤርትራን ኢትዮጵያን ምስ ሶማል፡ ደቡብ-ሱዳን፡ ኬንያን ካልኦት ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ምትሕብባርን ደገፍን ኣገዳሲ ጉዕዞ ሒዙ ኣሎ። ኣብ መደምደምታ ንዝምድና ጀርመንን ኤርትራን ኣመልኪቱ፥ መስርሕ ሰላም ኤርትራ ኢትዮጵያ ምስ ጀመረ፡ካብተን ቀዳሞት ሃገራት ብደረጃ ሚኒስተር ልኡኽ ዝሰደደት ምኳና ፡ባይቶ ጀርመን‘ውን፡ ንኣገዳስነት መስርሕ ሰላም ኤርትራ ኢትዮጵያ ዘትዩን ደጊፉን፤ ካብቲ በብግዜኡ ክካየድ ዝጸንሐ ኮሚቴ ቁጠባዊ ምትሕግጋዝን ምዕባሌን ዓሰርትሓደ ዝኣባላቱ ጉጅለ፡ ኤርትራ ምብጽሖምን ምስ ሰበስልጣናት ኤርትራ ከምዝዘተዩ ሓቢሩ።

ገምጋም 2018 ኣብ ቃልስና ፍሉይ ምዕራፍን ታሪክን ዘለዋ ፡ድሕሪናጽነትና፡ ዝያዳ ሓይልናን፡ ጽንዓትና፡መኸተናን ዘመስከረት ዓመት ኔራ። በዚኸኣ 2019 ምህናጽ ሃገርና ብዘተኣማምን ደረጃን ምብጻሕ ቅኑዕ መንገዲ ሒዝና ኣለና ኢሉ።

ኣብ መደምደምታ ኣቶ ካሕሳይ 24ግንቦት 2019፡ኣብ ልዕሊ ጸላእትናን ተጻባእትናን ታሪኻዊ ዓወት ኣመዝጊብና ኣብ ሓድሽ ታሪካዊ ምዕራፍ ኣብ ዝኣተናሉ እዋን ዝጽንበል ዘሎ ቀዳማይ በዓል ናጽነት ብምኳኑ፡ፍሉይ መቐረትን ሚዛንን ስለዘለዎ፡ብኽብርን ብክብ ዝበለ ድምቀትን መዓርግን ክንጽንብሎ ውራይና ኢልና ክንዕጠቐሉ ይግባእ ኢሉ ።

ድሕሪ‘ዚ ተሳተፍቲ ብርክት ዘቕረብዎ ሕቶታት በብኣርእስቱ መልሲ ተዋሂቡ ተሳተፍቲ ሰሚናር ዕግበቶም ገሊጾም ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም ኣብ መደምደምታ፥
መንግስቲ ኤርትራ ዘካይዶ ዘሎ ምሕዝነታውን ምድግጋፍን ናይ ሰላም መንገዲ ንድግፍ፥

- ሎሚ‘ውን ከም ትማሊ ኣብ ዕላማና፡መትከልና ጸኒዕና፡ ንዝኾነ ዝመጽእ እንተታት ድልውነትና ነረጋግጽ፥
- ኣብ ልምዓትን ህንጸት ሃገርና ንምስታፍ፡ኣብ ዝካየድ ወፍሪ ብውልቅን ብእኩብን ዝከኣል ቁጠባዊ ደገፍ ክንገብር፡ብርኪ ክንዕድግ ዝከኣል ክንገብር ፥ ምኳና ዝብል ቃል ሂቦም ።

ዓወት ንሓፋሽ!

ሃገራዊ ሽማግለ ከተማ ማንሃይም